ኤጀንሲ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ ሰነዳዊ ፊልሚ ንምቅራፅ ብብርኪ ክልል ብግልፂ ጨረታ ክቀርፅ ይደሊ።ስለዚ ነዞም ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 1, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ ሚያዝያ 15, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000.00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ ሚያዝያ 15, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

1 በቲ ዘርፊ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ከቅርብ ዝክእል፤

2 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቑፅሪ /TIN/ ሰርተፊኬት ከቕርብ ዝክእል፤

3 ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ /VAT/ ዝተመዝገበ ኮይኑ /VAT/ ምዝገባ ሰርቲፊኬት ናይ ወርሒ ጥሪ 2010 ዓም VAT ድክላሬሽን ከቕርቡ ዝኽእሉ፤

4 በቲ ዘርፊ ናይ መቅረባይነት ዝተመዝገበ ምካኑ ናይ ዘመኑ ዝተሐደሰ ምስክር ወረቐት ከቅርብ ዝክእል፤

5 ተጫረቲ ንዝተዳለወ ዝርዝር መምርሒ ጨረታን ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ ብር 50 እናከፈሉ ካብ ኤጀንሲና ደጋፊ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 10 ካብ ዕለት 30/07/2011ዓ/ም ክሳብ 15/08/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዚያት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓት ብኣካል ብምቅራብ ምዉሳድ ይክእሉ፡

6 ዝቐርብ ናይ ጨረታ መወዳደሪ ሰነድ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒ ነንበይኑ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ኢንቨሎፕ ኮይኑ ኣብ ልዕሊኡ ናይ መቅረባይ ሙሉእ ሽም ናይቲ ትካል ኣድራሻ ስልኪ ቁፅሪ ናይ ምንታይ ዓይነት ጨረታ ምኻኑን ናይቲ ቤት ዕዩ ሽም ክሕብር ኣለዎ።

7 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ መክብሪ ጨረታ ናይ 5,000.00 / ሓሙሽተ ሽሕ/ ን ብር ብሽም ኤጀንሴ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ ብጥረ ገንዝብ ወይ ብCPO ናብ ዝተዳለወ ናይ ቤት ዕዩ ጨረታ ሳንዱቅ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከቅርብ ዝክእሉ::

8 ኣብቲ ጨረታ ሰዓራይ ዝኾነ ተወዳዳራይ ብምስልን ድምፅን ቀሪፁ ኣወሃሂዳ/ኣወሃሂዱ ዝሰርሕ/ትሰርሕ በቲ ዝተሐተተ ፅሬትን መጠንን ከቕርብ ዝክእል፤

9 እቲ ጨረታ ዕለት 15/08/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ቕድሚ ቐትሪ ሰዓት ተዓፅዩ በቲ ዕለት ንሱ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቐትሪ ሰዓት ኤጀንሴ ልምዓት ዳኣንት ምርግጋፅ ምግቢ ዉሕስና ከተማታት ክልል ትግራይ ፊት ንፊት ፕላኔት ሆቴል ሰናይ ዘበን ህንፃ 2ይ ደብሪ ከይዲ ስራሕ ዕዳጋ ፋይናንስን ንብረት ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 10 ተጫረቲ ወይ ወከልቶም ኣብ ዘለዉሉ ዝኽፈት ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ጨረታ ምኽፋት ኣይተኣጎጎልን።

10 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝሐወሰ ክኸዉን ኣለዎ ተዘይኾኑ ቫት ከምዝሐወሰ ርዱእ ተገይሩ ይዉሰድ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

11 ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሑሉ ግዜ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 40 መዓልቲ ይኸዉን።

12 ኤጀንሲና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ሙሉእ ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

13 እቲ ጨረታ ምስተከፈተ ኤጀንሲና ናይቲ ዝግዛእ ንብረት ዓቐን ወይ ዋጋ ከምኣዳላይነቱ ካብ ነብሲ ወከፍ ነፀላ ኣቐሓ ክሳብ 20% ናይ ምውሳክ ወይ ምቅናስ ይክእል እዩ::

14 ዝክፈተሉ ዕለት ኣብ ናይ መ/ዊ ወይ ሃ/ዊ በዓል እንተዊዕሉ ዝቅፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይከውን።

15 ሰዓራይ ዘቀረቦ ንብረት ትክክለኛነቱ ብበዓል ሞያ ተረጋጊፁ ኣታዊ ይከውን።

መተሓሳሰቢ ንተወሳኪ ሓበሬታ ስልኪ ቁፅሪ 0342-406363 ደዊልካ መብርሂ ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle